# ስርዓት ማሕበራዊ ድሕንነት

ተቐማጦ(ነበርቲ) ስዊዘርላንድ ካብ እተፈላለየ ሓደጋታት ብማሕበራዊ ድሕነት ይሕለዉ እዮም ። ንኣብነት ትካላት መድሕን ሓደ ሰብ ካብ ስራሕ እንተ ወጺኡ ወይ እንተ ሓሚሙ ይሕግዛ እየን። ብተወሳኺ ንስድራ ቤታትን ንኣረጋውያንን እውን ይድግፈ ኦም እየን ።

## መሰረታዊ ስርዓታት/ሕጋጋት

ማሕበራዊ ድሕነት(መድሕናት) ብተቐማጦ ስዊዘርላንድ እዩ ዝምወል። መሰረታዊ ስርዓት ሓድነት (Solidaritätsprinzip | principe de solidarité) ነዚ ዝስዕብ ይዓይ፡ መብዛሕትኦም ካብቶም ተቐማጦ ገንዘብ ክኸፍሉ ከለዉ ውልቀ ሰባትን ገለ ጒጅለታትን ግን ደገፍ ይረኽቡ። ማሕበራዊ ድሕነት መብዛሕትኡ ግዜ ግዴታ እዩ። እቲ ክፍሊት/ውጽኢት/ ካብ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ይቘረጽ። ከምኡውን ኣስራሕቲ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ከምኡውን ብዙሕ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ገንዘባዊ ውጽኢት ይገብሩ እዮም።

## ኣገልግሎታት(ረብሓታት)

ማሕበራዊ ድሕነት ኣብ ገለ ኩነታት(ጸገማት) ህይወት ንዝርከቡ ሰባት ይድግፈኦም እየን። መዓልታዊ ገንዘብ ፡ ናይ ጡረታን ውዕለትን ክፍሊት ይኸፍሉ ወይ ሕማም ወይ ሓደጋ ከጋጥም ከሎ ዝተወሰነ ወጻኢታት ይሽፍኑ። ኩለን ማሕበራዊ መድሕናት ብመንግስቲ እየን ዝመሓደራ።

## ሰባት መዓስ ደገፍ ይረኽቡ ፧

- ብዕድመ ምስ ደፋእካ(ግዜ እርጋን)፡ ኣብ ግዜ ሞትን ስንክልናን (3 የዕኑድ/3 Säulen: AHV/IV|AVS/AI, berufliche Vorsorge, private Vorsorge)
- ኣብ ግዜ ሕማምን ሓደጋን (Kranken- und Unfallversicherung|Assurance maladie et accident)
- ኣብ ኣብ ግዜ ሕርሲ (Mutterschaftsentschädigung|Allocation de maternité)
- ኣብ ግዜ ሽቕለት/ስራሕ ኣልቦነት (Arbeitslosenversicherung|Assurance chômage)
- ውሉዳት እንተ ሃልዩካ (Familienzulagen|Allocations familiales)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/social-insurance-system